# መሰል ስልጠናን መሰል ትምህርትን

እዚ ፋይላት እዚ ኣብ ሞንጎ Coordination Asileን (ማሕበር ምውህሃድ ዑቕባ ጀኔቫን) Law Clinic ዝተባህለ ኣካል ዩኒቨርስቲ ጀኔቫን ዝፈረየ ጽሑፋት ኢዩ።
ናብቶም ኣብ ጀኔቫ ዝነብሩ ኣሰናይ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዝዓለመ እዩ። ብዛዕባ ገለ ካብ መሰላቶም ንምሕባርን ንኩሉ ሰብ ብዝቐለለ መንገዲ ምእንቲ ክረኽብዎ ምግባርን እዩ።
ንዝያዳን ዝርዝራውን ሓበሬታ ብዛዕባ ኣሰናይ ዘይብሎም መንእሰያት ስደተኛታት ብዝምልከት ኣብ መንሹር (brochure) Law Clinic ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**መግለጺ**

መሰል ትምህርቲ ናይ ትምህርትን ስልጠናን መሰላት ዘጠቓልል ኢዩ። ግዴታዊ ትምህርቲ መሰረት ትምህርቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኮይኑ፣ መባእታዊ ኮነ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ የጠቓልል። እቲ ቆልዓ ኣብ ስዊዝ ንልዕሊ 3 ኣዋርሕ ምስ ዝጸንሕ (ኣብ ገሊኡ ብፍሉይ ጉዳያት ኣሰናይ ዘይብሎም ንኣሽቱ ቆልዑ ኣብ ስዊዝ ከም ዝነብሩ ጌርካ እዩ ዝውሰድ) ፣ ንኹሎም ዜግነት ዘለዎም ቆልዑ ከኣ ዝምልከት እዩ።

ኣብ ካንቶን ጀኔቫ ዘሎ ናይ ስልጠና ዕድላት ከምዚ ዝስዕብ ይመስል

**3ይ ዲግሪ**

ቤት ትምህርቲ ሞያ:
- ዝለዓለ ናይ ፌደራላዊ ሞያዊ ፈተና
- ሞያዊ ፈተና ፌደራል

ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ:
- ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ክእለት (HES): ባችለር
- ቤት ትምህርቲ ስነ ምምህርና: ባችለር, ማስተር
- ዩኒቨርስቲ / EPF: ባችለር, ማስተር, ፒ ኤች ዲ

**2ይ ዲግሪ II**

ሞያዊ-ስልጠና:
- ፌደራላዊ ምስክር ወረቀት ብቕዓት (CFC)
- ፌደራላዊ ምስክር ወረቕት ብቕዓት (CFC) ምስ ማቹሪቴ
- ፌደራላዊ ምስክር ወረቕት ሞያዊ ስልጠና (AFP)

مدرسة الثقافة العامة:
- ፍሉይ ክእለት ዘለዎ ማቱሪቴ
- ኮለጅ ጂማዝየም (2ይ ደረጃ) ማቹሪቴ
- ቤት ትምህር ሓፈሻዊ (ባህሊ (ECG

**ACCES II**

መቐበሊ ክፍሊ (Classe d'Accueil) ፣ ክፍሊ መላለዪ ሞያ (COP) ፣ ክፍሊ መእተዊ ትምህርቲ ((CIS) ፣ ክፍሊ መእተዊ ሞያ (CIP

**2ይ ዲግሪ I**
**ቤት ትምህርቲ መባእታ**
**ቤት ትምህርቲ ቆልዑ**

ግዴታዊ ቤት ትምህርቲ

# መሰል ስልጠናን መሰል ትምህርትን

**መእተዊ II**

ዘለካ ዲፕሎማ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ኣቲኻ ልምምድ ናይ ምግባር ዕድላትካ ይውስኖ እዩ። ናብ ዩኒቨርሲቲ ብቐጥታ ክትኣቱ አንተዘይከኢልካ፣ ናብዚ ስልጠናታት አዚ ናይ ምእታው ዕድላት ኣለካ። (ተወሳኺ መርመራ፣ ልምምድ፣ ሞያዊ ልምምድ ወዘተ) ተወሳኺ፣ ነፍሰ ወከፍ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሱ መለከዒታት ኣለዋ።

**ሕጋዊ ሕቶታትን መልስታቱን**

- **ከመሃር መሰል ኣለኒ'ዶ ?**

ኣብ ጀነቫ ካብ ትቕመጥ ሰለስተ ወርሒ ምስ ትገብር፣ ናይ ምምሃር መሰል ኣለካ፣ ዋላ ውን ግዴታ አዩ። ኣብ ጀኔቫ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ምውሳድ ክሳብ 18 ዓመት ዘሎ ዕድመ ግዴታ አዩ።

ካብ 15 ክሳብ 19 ዓመት ንዘለዉ ስደተኛታት ተመሃሮን ካልእ ቓንቓ ንዝዛረብ መቕበሊ ኣገልግሎት ናይ 2ይ ደረጃ (acces II) ኣሎ።

ናብዚ መቕበሊ ክላስ ንምእታው ኩነት ዘድልዮ ኣይኮነን። መአተዊ 2 (acessII) ብናይ ውህደት ቤት ትምህርቲ ክላሳት (CIS) ዝቕመ አዩ።

ናብ ቤት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ባህሊ፣ ናብ ልምምድ ምውህሃድ ወይ ከኣ ሓፈሻዊ ልምምድ ንምክያድ መሰረታዊ ትጽቢት ዝግበረሉ ፈተናታት (TAF) ወይ ናይ ኮምፒተር ገምጋም ሓፈሻዊ ትምህርቲ ፈተና (EVA) ክትሓልፍ ኣለካ።

አቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ቓንቓ ፍልጠት አንተደኣ ዘይብልካ ኮይኑ፣ ኩነታት ንምምዕርራይ ናይ ትምህርቲ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። አዚ ኣብ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ ትሕቲ 20 ዓመት አዩ። አንተኾነ ግን ውህደት ኣብ ተራ ክላሳት ኣብ መንፈስ ሓቓፊ ቤት ትምህርቲ ቀዳምነት ክወሃቦ ይግባእ።

- **ልምምድ ክገብር ይፍቀደለይ ድዩ ?**

ብዉሑዱ ወዲ 15 አንተኮይንካን ሓጋዊ ወኪልካን አንተደኣ ተሰማሚዕሉን ልምምድ ክትገብር (ከምኡ'ውን ሞያዊ ልምምድ) መሰል ኣለካ። ናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕ ወይ ናይ ክልተ ግዜ ስራሕ ክትገብር መሰል ኣለካ። ናይ ምሉእ ግዜ ስራሕ ወይ ናይ ክልተ ግዜ ስራሕ ክትገብር መሰል ኣለካ። አቲ ኩነታት ንክልተ ስልጠናታት ቁሩብ ዝተፈልየ አዩ።

በቲ ዕላማ ናይቲ ትምህርቲ ዝድለ ደረጃ ትምህርቲ አንተደኣ ኣለካ ኮይኑን፣ ኣብ ጀኔቫ ትቕመጥ አንተኮይንካን ዘለካ ፍቓድ መንበሪ ወረቐት (permit) ብዘየገድስ ምሉእ ግዜ ልምምድ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። አንተኾነ ግን ከም ዕድመኻ ዘሎ ቦታታት ውሱን አዩ። ኩንትራት ናይ ልምምድ ምስዝህልወካ ናይ ክልተ ግዜ ልምምድ ክትገብር፣ መኽሰብ ዘለዎ ንጥፈታት ከተካይድ (Permit B , F)

ን ኤን ወረቐት (Permit N) አንተኮይኑ ግን ናይ ስራሕ ወረቐት ካብ OCPM ከተምጽእ ኣገዳሲ አዩ። አዚ ከኣ ቀሊል ኣይኮነን።

# መሰል ስልጠናን መሰል ትምህርትን

| | ድርብ ትምህርቲ | ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝካየድ ትምህርቲ (ምሉእ ግዜ) |
|---|---|---|
| ዓይነት ትምህርቲ | ክልሰ ሓሳባዊ ልምምድ ኣብ ቤት ትምህርቲ (1 ወይ 2 መዓልቲ ኣብ ሰሙን ) ከምኡ'ውን (3 ወይ 4 መዓልቲ ልምምድ ኣብ ቢዝነስ) | ክልሰ ሓሳባውን ተግባራውን ልምምድ ኣብ ቤት ትምህርቲ እዚ ንገለ ሞያ ጥራይ ስለዝኾነ ጥንቃቐ የድሊ |
| ኩነታት ፍቓድ | በቲ ዓውዲ ዝድለ ደረጃ ትምህርቲ ክህልወካ ኣለዎ ከም ስራሕ ምድላይ ዝመስል ኮይኑ፣ ን2 ዓመት ዝውድእ ናይ AFP ን 3-4 ዓመት ዝግበር ናይ CFC እትቆጽረካን እተለማምደካን ናይ ልምምድ ኩባንያ ክትረክብ ኣለካ።<br><br>እቲ ናይ ልምምድ ውዕል በታ ኩባንያን በቲ መንእሰይን ሕጋዊ ወኪሉን ይፍረም።<br><br>እቲ ውዕል ብ OFPC ክጸድቕ ኣለዎ። OFPC ናይ መዝገባ ቤት ትምህርቲ (ማእከል ሞያ) ሓላፍነት ስለዘለዎ። | በቲ ዓውዲ ዝድለ ደረጃ ትምህርቲ ክህልወካ ኣለዎ። ቤት ትምህርቲ ሜላ ፍቓድ መእተዊ ይመርጽ።<br><br>እዚ ግን መብዛሕትኡ ግዜ መእተዊ ፈተና እዩ።<br><br>ኣብ ግዜ ጥንቅቕ በል ዘለዎ ግዜ ውሱን እዩ።<br><br>ምኽንያቱ ዘለዎ ቦታ ውሱን ስለዝኾነ- ብመትከል ዕድመ ናይ ዝኣቱ ሰብ እንተዓብዩ 20 ዓመት እዩ ክኸውን ዘለዎ። |
| ፍቓድ | ፍቓድ ወረቐት ቢ ወይ ኤፍ<br><br>ን ኤን ወረቐት ዘለዎ ካብ ---- ናይ ስራሕ ፍቓድ ከምጽእ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ከኣ ቀሊል ኣይኮነን። | ዝኾነ ፍቓድ |
| ዕረፍቲ | ክሳብ 18 ዓመት እንተወሓደ 5 ሰሙን ኣብ ዓመት | ምስ በዓላት ቤት ትምህርቲ ዝመሳሰል |
| ደሞዝ | በቲ ኩባንያ ዝኽፈል ደሞዝ | ደሞዝ የለን |

# መሰል ስልጠናን መሰል ትምህርትን

ሕጋዊ ፍቓድ ምስ ዘይህልወካ ሞያዊ ልምምድካ ንኽትውድኦ ኣብ ትሕቲ ቀያዲ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ዝተፈናተተ ግዜ ናይዞ ክልተ ስልጠናታት እንተነውሐ ንሰለስተ ሰሙናት ልምምድ ክትገብር ትኽእል ኢኻ መንበሪ ወረቐትካ ብዘየገድስ። ቤት ጽሕፈት ሌላ፣ ሞያን ምቕጻል ልምምድን (OPC) ምኽርን ማዕዳን ይህቡ ኢዮም። ናብ Cité de metiers ደዊልካ ወይ ናብኦም ብናጻ ብዘይቆጸራ መጺኻ፣ ሞያውያን ብመሰረት ዘለካ ተገዳስነትን ክእለትካን፣ መንገድታት ክትረክብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ ኢዮም። ብዛዕባ ሞያዊ ልምምድን ሓበሬታን ንዝህልወካ ሕቶታት መልሲ ክትረኽበሎም ትኽእል ኢኻ።

- **ናይ ስራሕ መሰል ኣለኒ'ዶ ?**

ካብ ወዲ 15 ዓመት ንላዕሊ ናይ ስራሕ መሰል ኣለካ። ሕጋዊ ወኪልካ ናይ ስራሕ ዎል ክትፍርሞ ክሰማማዕ ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ኩሉ ኣገዳሲ ሓበሬታታት ኣብዚ ሊንክ (link) ክረኽብዎ ይኽእሉ ኢዮም።

https://www.ge.ch/demander-permis-travail/titulaire-livret-f-b-refugie

ኣብ ሕጋዊ መንበሪ ወረቐትካ ዝምርኮስ ኮይኑ፣ እቲ ኩነታት ይፈላለ እዩ። መንበሪ ፍቓድ B ወይ F እንተደኣ ኣለካ ኮይኑ ኣስራሒኻ ንሰብ መዚ ከፍልጥ ኣለዎ። መንበሪ ፍቓድ ኤን ሃልዩካ ካብ መንግስቲ ፌደራል ወጺ እንተኾይኑ ውን ናይ ስራሕ ፍቓድ ክህልወካ ኣለዎ። ጀማሪ ምስ ትከውን ወይ ሕጋዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ ምስ ዘይህልወካ፣ ብመትከል ናይ ስራሕ መሰል የብልካን።

- **ልዕሊ 18 ዓመት እንተኾይነ'ኸ ?**

I ብፍላይ ንዕድመኦም ዝኣኽለ ትምህርቶም ዘቓረጹ፣ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ባህሊ ንዕድሜኦም ዝኣኽለ (ECG)፣ ከምኡ'ውን ኮለጅ ኣዚ ውን ንዕድሚኦም ዝኣኽለ ከምብሓድሽ ክጅምሩ ወይ ክወጽኡ ዝፍቐድ ዝምልከት ሓበሬታ ኣሎ። ኣዚ ድማ ንመአተዊ ዕድላት ዘይረኽቡ ልዕሊ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ ዝዓለመ እዩ። ማዕረ እቲ ኣብ መወዳእታ ተቐባልነት ንኽትረክብ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ካልእ ኣገባብ ልምምድ ትረኽበሉን ክእለትካ ዝፍለጠሉን ውን ኣሎ። (ንኣብነት ዕድሜኡ ንዝኣኽለ ብቕዓቱ ዝፍለጠሉ ብመሰረት ሞያዊ ተመኩሮን ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኩነትን AFC ክረክብ ዝፍቐድ።

- **ኣብ ዩኒቨርስቲ ናይ ምምሃር መሰል ኣሎኒ ዶ?**

ናይ 2ይ ደረጃ ዲፕሎማ II ወይ ካልእ ክንድኡ ዝኸውን ደረጃ ምስዝህልወካ ናብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ምጽንባር ዕድላት ክህልወካ ይኽእል እዩ (HES)።
ናይ 2ይ ደረጃ ዘይብልካ እንተኾይኑ ወይ ተቐባልነት ዘይብሉ እንተኾይኑ ልዕሊ 25 ዓመት እንተኾይንካን ሞያዊ ተመኩሮ እንተልዩክን ፍቓድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ።

ኣብ ኩሉ ጉዳያት ኣብቲ ትምህርቲ ዝምርኮስ ድሕረ ባይታኻን ዝምልከት ብፍላይ ከኣ ፈተና ናይ ቓንቓ ፈረንሳ ተወሳኺ ፈተና ክህሉ ይኽእል እዩ።

ከም ፋይናንሳዊ ዓቕምኻን ወለድኻን፣ ሃገራዊ ማህደረ ትምህርቲ ክትረክብ ትኽእል ክትረክብ ኢኻ። ዑቕባ ዝረኸብካ ስደተኛ (Perit B refugee ወይ permit F) ነዚ ዕድል እዚ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንትምህርትኻ ፋይናንስ ክሕግዛ ዝኽእላ ስለዘለዋ ግን እዱ ከም ጸገም ኣይኮነን።

# መሰል ስልጠናን መሰል ትምህርትን

**ኣድራሻን ምንጭን**

**ንኺሕብሩኻን ኣቓልቦኻ ንኺገብሩን:**

- _ኣቀባብላን ሓበሬታን ናብ ህዝቢ ክፉት አዩ፣ ብዘይቆጸራን ነያ አዩ። ሓበሬታ ኣብ ልምምድ ኣፍልጦ ንናይ ወጻኢ ምረቓ ኣፍልጦ ክአለት ሓገዝ ኣብ ምጉዳል ሲቪን ዕሹግ ደብዳቤን ወዘተ.

- **www.orientation.ch :** ዝርዝር ቦታታት ስልጠና ብዛዕባ ስራሕን ስልጠናን ስዊዘርላንድ ዚገልጽ ሓበሬታ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ። ብዛዕባ ስርዓት ስልጠና ብእተፈላለየ ቛንቋታት ወጻኢ ሓበሬታ ኽትረክብ ኢኻ : **https://www.orientation.ch/dyn/show/13772?id=8**

- ምልምማድ፦ ብዛዕባ ምልምማድ ርኽበት ዚገልጽ ሓበሬታ (ካብ ሒደት መዓልትታት ክሳዕ ሒደት ሰሙናት): **https://www.citedesmetiers.ch/thematiques/formations-et-metiers/des-stages-pour-sinformer-sur-les-professions/**

**ፈረንሳ ንምምሃር፣**

- **www.francais-integration.ch** : ብኢንተርነት እተዳለወ መሐበሪ ኮርሳት ፈረንሳይኛን መሃይምነትን

- ሰራሕተኛታት ዩኒቨርሲትይ ጀኔቫ ምቕጻል ማአከል ትምህርቲ ንመንአሰያት ሄሎ ጀኔቫ፣ ቓንቓ ፈረንሳ ኣብ ጀኔቫ ኣበይ ትለማመድ

- ሰራሕተኛታት ዩኒቨርሲትይ ጀኔቫ ምቕጻል ማአከል ትምህርቲ ንመንአሰያት ሄሎ ጀኔቫ፣ ቓንቓ ፈረንሳ ኣብ ጀኔቫ ኣበይ ትለማመድ ኣብዚ መላግቦ (link) ዝተፈላለዩ ብነጻ ፈረንሳ ዝምህሩ ማሕበራት ትረክብ ኢኻ። bonjourgeneve.ch

**ንዩኒቨርሲትይ ጀኔቫ 2ይ ደረጃ ትምህርትን:**

- ኣካዳሚክ ሆሪዞን (Academic horizon) ፕሮግራም ሞያውን ማሕበራውን ኣካዳምያዊ ውህደት። አዚ ፕሮግራም አዚ ኣብ ዓውዲ ዑቕባ ንዘለዉ ሰባት (Permit N, F, B ወይ C ስደተኛን) ኣብ ሃገሮም ኣቐዲሞም ዩኒቨርሲትይ ዝዛዘሙ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቲ ክካታተሉ ንዝደልዩ ዝተጠርነፉ ስድራቤታት (Uni/HRS)። ኣብ ስዊዘርላንድ ዝወሃብ ትምህርቲ ኢዩ።

- ኮንፈረንስ ማሕበር ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ (CUAE)